# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.120 ሰንበት 18 ጥሪ 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
"ካብ ጽበት ናብ ግፍሒ፡ ካብ ዋሕዲ ናብ ብዝሒ...

ገጽ 5
ነዊሕ ጉዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን

ገጽ 7
ጽሬት ኣከባቢ፡ ሕላገት ጃፓናውያን

ገጽ 8
ትጽቢት ሓምሳ ዓመታት ደዋለስ ትጽቢት ሓሙሽተ ዓመታት...


## ዓንሰባ - ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ክሰርሓሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ክሰርሓሉ፡ ብ15 ጥሪ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ዓመታዊ ገምጋም ጨንፈር ሕርሻ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ግዝያዊ ሓላፊ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ገብረመስቀል ተወልደ፡ እቲ መደብ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይተሰርሓሉ ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብዝሓየለ ክዕመም ተወጢኑ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ዕላማ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ብምርግጋጽ መነባብሮ ሓረስቶት ምምሕያሽ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነዚ ክውን ንምግባር፡ ኣብ መላእ'ቲ ዞባ ኣብ ከባቢ ዲጋታትን ምንጪ ማይን ዝርከቡ 866 ሓረስቶት፡ ልዕሊ 345 ሄክታር ከልምዑ መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።



ሓለፍቲ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ኣብ 2025 ኣብ ሓመልማሎ ደሓን እቶት ክርከብ ከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣስማጥ፡ ገለብን ሃበሮን ግና ትሑት ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ ኣብ መሬት ሕርሻ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምኽዕባት እቶት ዕዙዝ ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ቀጻሊ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሮም።



ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ መኽዘን ድንሽ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ክዋደድ፣ ጸገማት መድሃኒት ፍታሕ ክናደየሉ፣ ኣፍልጦ ሓረስቶት ኣብ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምዕባይ ድማ ክሰርሓ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ኤፍሬም ክፍሉ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ኣብ ሕርሻ ብህውደት ምስ ዝሰራሕ ለውጢ ከምዝመጽእ ብምሕባር፡ ክኢላታት ምስ ሓረስቶት ተናቢቦም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ተዋዲዱ ዘሎ ዲጋታትን ራህያታትን ብግቡእ ተጠቒምካ መነባብሮ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ ብዝለዓለ ክሰርሑ፣ ዝምልከቶም ኣካላት ድማ ምስ ክኢላታት ተወሃሂዶም ክሰርሑ ተላብዩ።

## ጎልጅ - ባርዕ መሮር ንምግታእ ተራ ኮም ክዓዝዝ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ዝኸሰት ተደጋጋሚ ባርዕ መሮር ንምግታእ፡ ምምሕዳራትን ኣካላት መንግስትን ኮም ማእከል ዝገበረ ቁጽጽራዊ ስራሓት ክካየዳ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ሎሚ ዓመት፡ ኣብ ከባቢታት ሓጅ-ዓረብ፡ ኣይተርፍ፡ ገርገፍ፡ ሰዋቴብ፡ እንጉሊት፡ ተብልድያን ዓድሸጋላን ኣብ ልዕሊ 6 ሽሕ ሄክታር ብዝተኸሰተ ባርዕ፡ ኣብ መጋሃጫታት፡ ምህርቲ ሕርሻን ተረፍ ምህርትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃብቲ ገረብን ጥሪትን ጉድኣት ከምዘወረደ፡ ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ገሊጹ።

ጠንቂ ናይ'ዚ ከቢድ ጉድኣትን ዕንወትን ዘውርድ ዘሎ ተደጋጋሚ ባርዕ ተፈሊጡ ንምቑጽጻሩ ክከኣል ምእንቲ፡ ኈሒ-ኈሒ'ቲ ብበዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝግበር ቁጽጽራዊ ስራሕ፡ ዓድታት ከባቢኣን ዝሕልዋሉ ኣገባብ ክምዕበል ድማ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ያሲን፡ ንኣበርክቶ ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ምቁጽጻር'ቲ ባርዕ መሮር ብምምጓስ፡ ጓሶትን ሓረስቶትን ኣብ ኣጠቓቕማ ሓዊ ዕቱብ ጥንቃቐ ክገብሩን ካብ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ክሕየቡን ጸዊዑ።

## ምምሕዳር ዞባ ማእከል - ኣብ ምርምርን መጽናዕትን ዘተኰረ ሰሚናር ወዲቡ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ጨናፍርን ኣሃዱታትን፡ ከምኡ'ውን ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባታት፡ ጸሓፍቲ ህግደፍን ሓለፍቲ ማሕበራትን ንዝርከብዎም፡ ኣብ ምርምርን መጽናዕትን ዘተኰረ ሰሚናር፡ ብ16 ጥሪ ወዲቡ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ሓላፊ ምርምር ኣቶ ተስፋይ ቀለታ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንተሳተፍቲ ኣብ ዕለታዊ ስርሖም ዝሕግዞም - ኣማእዛዚን ኣብ ስነ-ፍልጠት ዝተመርኰሰን ትምህርቲ ሂቡ።

እቲ ትምህርቲ፡ ብቐንዱ ኣብ ምርምርን ተመራማራይን፣ ምርምር ዘምጽኦ ለውጢ፣ ከምኡ'ውን ዕላማ ምርምርን ክለሳን ዘተኰረ'ዩ ነይሩ።

"ተመራማራይ፡ ግዜኡ ኣብ ምርምር ጥራይ ዘሕልፍ ዘይኮነ፡ ኣብ ውልቀ-ስርሑን ዋኒኑን ዘጓነፎ'ዩ ዝጽሕፍ" ዝበለ ኣቶ ተስፋይ፡ ተሳተፍቲ ንዝተዋህቦም ሰሚናር ናብ ታሕቲ ብምውራድ፡ ኣብ ስርሖም ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ሰሚናር ኣብ ምርምራውን መጽናዕታውን ኣሰራርሓ ናይ'ቲ ዞባ ንዘህልዎ እወታዊ ኣስተዋጽኦ ብምጥቃስ፡ ተሳተፍቲ ንዝተዋህበ ትምህርቲ ብዝግባእ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።



ሰኣላይ ዮናታን የዕብዮ



ዜና

# ኣፍዓበት - ኮሚተ ምውጋድ ጎደእቲ ልምድታት ገምጋም ስራሕ ኣካይዳ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ኮሚተ ምውጋድ ጎደእቲ ልምድታትን ምርግጋጽ ማሰላት ቁልዑን ደቂኣንስትዮን፡ ብ12ን 13ን ጥሪ ገምጋም ስራሕን ስልጠናን ኣካይዱ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ-ሰዒድ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኮሚተ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣብያተ-ትምህርትን ካልኦት ቦታታትን ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ከምዝተዋደደ ብምሕባር፡ ኣብ ክሻሎ ደቂኣንስትዮ ጸቢብ ጉዳይ ተመዝጊቡ ከምዘሎ፡ ኣብ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ግና ጸዕቂ ምክትታል ከምዘድሊ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብዙሓ ጥዕናዊ፡ ማሕበራዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣውን ካልእን ሳዕቤናት ጎደእቲ ልምድታትን ሕጋዊ



ተሓታትነቶም ንኣባላት ኮሚተ ምውጋድ ጎደእቲ ልምድታትን ምርግጋጽ ማሰላት ቁልዑን ደቂኣንስትዮን ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣሕመድ መሐመድ-ኑር ረጃብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብዙሓ ጎደእቲ ልምድታትን ማሰላት ቁልዑን ደቂኣንስትዮን ዝተኻየደ ገምጋምን ስልጠናን፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብኮሚተ ክካየድ ዝጸንሐ ሰፊሕ ንጥፈታት



ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ዕማም ሸቶኡ ክሰብ ዘውቅዕ ኩሎም ኣካላት ብውህደት ክሰርሑ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ንምግታእ ተራ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ትምህርትን ከምኡ'ውን ፖሊስ ክዓዝዝ፡ ኑቲ ጉዳይ ዝመልከቶ ዝተማልአ መምጽናዕቲ ክካየድ፣ ኣስንዖት ብዘለዓለ ክቕጽል፣ ከምኡ'ውን ኣካበርቲ ዓዲ ኣብ ንጥፈታት'ታ ኮሚተ ተሳተፍቲ ክኾኑ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ደቡብ - ዝምስገን እቶት ሕርሻ ተረኺቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ህጡር ክራማት ምስ ጻዕሪ ሓረስቶት ተደሚሩ ዝምስገን ምህርቲ ከምእተረኽበ፡ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ገሊጹ።

ብ14 ጥሪ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ የማነ ኣባይ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብሓረስቶት ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ጽቡቕ ዝርግሐን መጠንን ዝነበሮ ዝናብ ስለዝወቕዐ፡ ምህርቲ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ6 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ኣብሪሁ።

ካብ ዝተሓርሰ 159 ሽሕ ሄክታር፡ 81 ሚእታዊት ኣእካል፣ 17 ሚእታዊት ጥረታት፣ ዝተረፈ ድማ ናይ ቅብኣ



ኣዝርእቲ ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ኣብ ወቕቲ ምእካብ ምህርቲ ዘስክፍ ተርእዮታት ጸያቕ ማዕጺድ ወይ ባልዓት ስለዘይነበረ፡ ሓረስቶት ጸማእም ከምዝረኸቡ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ውጽኢት ሃገራዊ ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ዝኾነ ልዕሊ 500 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ስርናይን 140 ኩንታል ዝተዳቐለ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉንን ንኣብነታውያን ሓረስቶት ተዓዲሉ ጽቡቕ ውጽኢት ከምዝሃበ፣ ኣብ ምርባሕ ደርሁ ንዝነጥፉ ሓረስቶት ድማ 95 ሽሕ ናይ ገደና ጨቓዊት ከምእተዓደላ ኣፍሊጡ።

ኣብ መላእ'ቲ ዞባ፡ ሰፊሕ መደባት ምፍዋስ ማይክያታትን ምምድማድ መሬት ሕርሻን ከምእተዓመ፣ ኣብ ህንጸት ዝኽበራ ዲጋታት ዓደ-ጣል፡ ሓዲዳን ዓዲ-ዕጥቀትን ድማ ከምእተዛዘማ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣፍራይነት ንምዕባይ ዝተበገሰ መደባት ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብሓረስቶት ንኽርዓም ዝግበር ጻዕሪ ክሕየል፣ ከምኡ'ውን ምሩጽ ኣዝርእቲ ቅድሚ ናይ ዘርኢ ወቕቲ ኣብ ኢድ ሓረስቶት ዝበጽሓሉ ባይታ ክፍጠር ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ዓቕሚ ናይ'ቶም ኣብ ንኡስ ዞባታት ተዋፊሮም ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻ ንምብራኽን ትግባረ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ንምርግጋጽን፡ ብውህደት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

# ማእከል - ተሳትፎ ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ህንጸት ዲጋታት ተመጒሱ

ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ 2025 ቅድሚኡን ዝተሰርሓ ከዘንቲ ማይ፡ ብዕዙዝ ተሳትፎ ሓይልታት ምክልኻል ከምእተሃንጻ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ኢንጂነር ኣብርሃም ዳኒኤል ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዞባ ብድምር ልዕሊ 69 ሚልዮን ሜትሮ ኩብ ማይ ናይ ምውህላል ዓቕሚ ዘለወን 89 ዲጋታትን 45 ራህያታት ከምዘለዋ፣ ካብዚኣን 12 ዲጋታት ንመዓላ ዝስተ ማይ፡ 77 ዲጋታት ንልምዓት መስኖ፡ 45 ራህያታት ድማ ንጥሪትን ዘቤታዊ ኣገልግሎትን ከምዘውዕላ ብምብራህ፡ ዓድታት ግቡእ ምሕደራ ዲጋታት ማይን ምንጪታቱን ክኽተላ ተማሕጺኑ።

ህንጸት ዲጋታት ድርፎ፡ ዓርበረቡዕ፡ ሸቓት፡ ጉልዒን ሸንጅብሉቐን ኣብ 2025 ካብ ዝተተግበረ መደባት ምኻኑን ልዕሊ



31 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝወድኣን ብምጥቃስ፡ ምዝዛም ዲጋ ዓዲ ሓውሻ፡ ከምኡ'ውን ምህናጽ ሓደስቲ ከዘንቲ ማያት ኣብ ዓዲ-ብደል፡ ጣዕረሸ፡ ዓደምዘማትን ዝማዕበን ኣብ 2026 ብቐዳምነት ካብ ዝትግበር መደባት ከምዝዀኑ ሓቢሩ።

እተን ዲጋታት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ምንጪ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ናይ ምውሓስ ዕላማ፡ ልምዓት ጀራዲን ኣብ ምድንፋዕ'ውን ልዑል ኣበርክቶ ከምዘህልወን ብተወሳኺ ኣገንዚቡ።

ዓበይቲ ቀራራት ንምፍዋስ ብዝወጸ መደብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 10 ዓድታት ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ 70 ኩትርታት ብመንደቕ፣ ኣብ ድርፎ ድማ 4 ዓበይቲ ናይ መንደቕን 4 ናይ ጋብዮንን ኩትርታት ከምእተሃንጻ፡ ኢንጅነር ኣብርሃም ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ እተን ከዘንቲ ማይ ንዝከውሐ ግዜ ከገልግላ ምእንቲ፡ ማይኩያታተን ንምፍዋስ፡ ዓድታት ብዕቱብ ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብመስኖን ደገፍ መስኖን ቀጻልነት ዘለዎ ሕርሻዊ ልምዓት ንምኽያድ ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት 232 ሄክታር ዝነበረ ብመስኖ ዝለምዕ መሬት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ 2,000 ሄክታር ክብ ከምዝበለ፡ ሰነዳት ምምሕዳር'ቲ ዞባ የነጽር።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቀ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጸ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፈዮሪና |
| 09:35 | ሙዚቃ ኦኣሲስ |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ሙዚቃ ኦኣሲስ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረትቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ካብ ጽበት ናብ ግፍሒ፣ ካብ ዋሕዲ ናብ ብዝሒ

መብራህቶም ገብረሂወት
(ህ/ርክባት ሚ/ሕርሻ - ጋሽ ባርካ)

ኣብ ቦታ ልምዓት ኣብነታዊ ሓረስታይ ንምብጻሕ፡ ካብ ከተማ ባረንቱ መሬት ርፍድ ምስ በለ ተበጊስና፡ ሸነኽ ደቡብ ኣንፈትና ብምቕናዕ ጉዕዞ ተታሓሓዝናዮ። ኣስታት 35 ኪሎ ሜትር ድሕሪ ምጉዓዝ፡ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምስ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ዘራኽብ ድልድል ጎፍ በልና። ንእኡ ሓሊፍና 'ሸሃተ' እተባህለ ዓዲ ተረኺብና። ቀጺልና ብማእከል ዓዲ ሰንጢቕና፡ ምዕራባዊ ሸነኽ ብምቕናዕ፡ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ፡ ኣብ ገምገም ሩባ ጋሽ ዝርከብ ቦታ ልምዓት ኣብነታዊ ሓረስታይ ክንበጽሕ ክኣልና።

ኣቶ ካልድ ኣሕመድ መሓመድ ብ1973 ዓ/ም ኣብ ሻምብቆ ተወሊዱ። ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ 'ኩሉኩ' ኣብ ዝተባህለ ዓዲ ዓቢዩ። ተዛራባይ ቋንቋ 'ሃውሳ' እዩ። ቋንቋታት ኩናማ፡ ትግርኛን ዓረብን እውን ብግቡእ ይመልኽ።

ኣብ ፈለማ እዋናት ብኢዱ ማይ ገሊሉ እናኣስተየ ምቁር ድንሽ የልምዕ ነበረ። ድሒሩ ኣብ 2008 ዓ/ም ኣብ ክልተን ፈረቓን ሄክታር ዝስፍሓቱ መሬት ብወግዒ ጀርዲን ጀመረ። ሓረስታይ ካልድ ኣሕመድ(ጋምቦ) ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ካብ ዝርከቡ ንጡፋት ሓረስቶት ሓደ እዩ። ብወከይ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚ/ሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ብምኳን ኣብ ዝሰራሕኩሉ እዋናት፡ ጥፈታቱን ኣብ ስራሕ ዘለዎ ተገዳስነትን ብቐረባ ክፈልጦ ክኢለ እየ። ኣብ ዓመት 2018 ልምዓቱ ክንበጽሕ ኣብ ዝኸድናሉ፡ ብህዱእ ኣገላልጻኡ ዋዛን ቁምነገርን ኣሰንዩ '' ዕለታዊ ዘድልዩና መግቢ፡ ኩሉ ካብ ሕርሻና ኢና እንረኽቦ። ከም ሽኮርን ቡንን ዝኣመሰሉ ኣስቤዛ ጥራይ ኢና ካብ ሹቕ እንገዝእ'' በለና። ሰረተ-እምነት 'ርእሰ-ምርኮሳ' ዝኽተል ንጡፍ ሓረስታይ ምኳኑ ድማ ደሚቑ ክበርሃልና ክኣለ። ሞያዊ ምኽሪ ብዝግባእ ኣብ ግብሪ የውዕል። ዝቐሰሞ ሞያዊ ፍልጠት ኣብ ሓረስቶት ከባቢኡ ብትግሃት ይንቀሳቐስ። ከም ድልድል 'መራኽቢ ሓረስቶት' ኮይኑ የገልግል። ኣብዚ እዋ'ዚ እውን ተበግሶኡን ትግሃቱን ዝያዳ ኣበሪኹ፡ ንቅድሚት ዝስጉም ዘሎ ኣብነታዊ ሓረስታይ እዩ።

ጋምቦ፡ ንኣትክልቱ ከም ህጻናት ይከናኸኖምን ይናብዮምን። ወርትግ ኣብ ዕዮ ሕርሻ ጽሙድ እዩ።ክኢላታት ሕርሻ ''ጋምቦ ናይ ስራሕ ሰብ'' ብዝብል ሓረግ ይጠቕስዎ። መንበሪ ቤቱ ኣብ ደንደስ ግራቱ እዩ ዝርከብ። ደቁ እግሪ እግሩ እናሰዓቡ ኣብ ስራሕ ከምዝጽመዱ ይገብር። ኣብ ጀርዲኑ ከም ኮሚደረ፡ ባምያ፡ ሽጉርቲ፡ ድንሽ፡ ሳላጣ፡ ጉዕ በርበረ፡ ባምያ፡ ኣስወድ፡ ዱባ፡ ካውሎ፡ ጅርጅር፡ ኣድሪ፡ ምቁር ድንሽ፡ ካሳቫ... ዝኣመሰሉ ዓይነታት ኣሕምልቲ ብወቕትታት ኣበራርዩ እናልምዐ ዝንኣድ እቶት ይረክብ። ልምዓት ፍረታት ብዝምልከት ድማ ከም ማንጉስ፡ለሚን፡ ዘይቲ ቡን፡ ፓፓዮ ዝኣመሰሉ ኣትክልቲ ኣብ ምፍራይ ይነጥፍ።

## ልምዓት ፍረታት

ኣብ ጋሽ-ባርካ ልምዓት ማንጉስ እንተ'ተላዒሉ ሓረስታይ ካልድ ኣሕመድ ብቐዳምነት ይጥቀስ። ብምትኽኻእ/ምብርራይ ኣብ ሓደ ዓመት ኣብ ክልተ ውቕቲታት ዝዕንበቡ ዓይነታት ማንጉስ እናኣልምዐ ብዘዕግብ ምህርቲ ይስጉም ኣሎ።

ብተወሳኺ ብመስኖ ተደጊፉ፡ ኣብ እተፈላለዩ ወቕትታል ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ተጠቒሙ የፍሪ፡ንሱ ብመሸጣ 'ሸዊት ዕፉን' ዝተፈልጠ እዩ። ንሱ ንዘለካ '' ካብ ጽበት ናብ ግፍሒ፣ ካብ ዋሕዲ ናብ ብዝሒ...'' ዝብል ናይ ምክዋንን ግቡእ ኣጠቓቕማን ኣካይዳ እናተኸተለ፡ ዘለዎ ስፍሓት መሬት ብኣድማዕነት ይጥቀመሉ። ድኹዒ ደንበ ኮምፖስት (ተዓብዒቡ ዝፈረየ ባህርያዊ ድኹዒ) ተጠቒሙ፡ ግቡእ ምሕደራ ተኸቲሉ ካብ ጸቢብ መሬት ርቡሕ እቶት ይረክብ። ኣብ ምርባሕ እንስሳታት እውን ይነጥፍ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ጋሙስ ናይ ጸባ ኩቡቲ ኣብ ምርባሕን ኣብዑር ኣብ ምስባሕን ይርከብ።

ኣብ ጉዳይ መግቢ እንስሳ ብዝምልከት፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ካብ ሃብቲ እንስሳ ዝርከብ ምህርቲ ንምዕባይ ወነንቲ ጀራዲን እንተንኣሰ 10 ሚኢታዊ ካብ ስፍሓት መሬቶም ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ከልምዕዎ ዝድርኽ መምርሒ ኣሎ።ካብ'ቲ ዘሕጉስ ነገር ኣቶ ካልድ ኣሕመድ ሓደ ካብ'ቶም ነዚ ኣገዳሲ መምርሒ ዘተግብሩ ሓረስቶት ምኳኑ እዩ። ብመስኖኣዊ ሜላ ኣልፋኣልፋ፡ ሳዕሪ ሓርማዝ ቀጠልያ መግቢ እንስሳታት ኣልሚዑ ይጥቀም። ንጥሪቱ ዓጺዱ ይቕልብ። ኣብ እዋን ክራማት ብሰንኪ ውሕጅ ዘስዓቦ ብዝሒ ማይ ከም'ቲ ዝድለ ኣሕምልቲ ክልምዕ ብዘይምኽኣሉ፡ እቲ ቦታ ባኺኑ ከይከርም ምእንቲ ለሰ/ሰውሒ ሳዕሪ(pasture) እናልመዐ ብምዕጻድ ገለ ክፋሉ ድማ ብውሕሉል ኣገባብ ጥሪቱ ግዚጸን ከም ዝጥቀማሉ ይገብር። ማዕረ ማዕረ ጀርዲን ዝኸይድ ኣብዚ እዋን ጋሙስ ናይ ጸባ ኩቡቲ ኣብ ምርባሕን ኣብዑር ኣብ ምስባሕን ይነጥፍ ኣሎ። ኣተባባዒ ውጽኢት ይረክብ ምህላዉ ድማ ይጠቅስ።



ኣቶ ካልድ ኣሕመድ ኣሕመድ፡ ፍርያት ጀርዲኑን ጥሪቱን ኣብ ዕዳጋታት ሸሃተ፡ ዳሰ፡ ባረንቱን ካልእን የቕርብ። ኣብ ምፍራይ መኣዛዊ መግቢ ዘለዎ ግደ ዝምስገን እዩ። ንሱ '' ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ንምርግጋጽ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይግባእ '' ብምባል ሓሳቡ የካፍል። ብዓቕሙ ምቁር ድንሽን ካሳቫን ኣብ ዕዳጋታት ኣቕሪቡ እናኣላለየ/እናኣፋለጠ ኣብ ኣመጋግባ ስድራ-ቤታት ከም ዝተኣታተዉን ዝልመድን ኣብ ምግባር እጃሙ የበርክት ኣሎ።



ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ካልድ ኣሕመድ መሓመድ

ተኽሊ ምቁር ድንሽ፡ ካሳቫን ኣብ ገዛ ኣቶ ካልድ ኣሕመድ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ንመግቢ ይዳለው። መኣዲ ስድራ ኣቶ ካልድ ኣሕመድ ኩሉ ዓይነታት ሸሻይ 'መኣዛዊ መግቢ' ዘይፍለዮ እዩ። ''መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ ''ቅምጥ ኢሉ ኣብ ገዛእ-ቤቶም ረኺናዮ። ጸባ፡ ስጋ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍሩታ፡ ሽዊት፡ እንጀራ(ጣይታ፡ቅጫ፡ሕምባሻ)፡ ብሽኮቲ፡ ገዓት፡ ጽሟቕ፡ ማልማላታ፡ ሊጋሜት...ወዘተ ብሕሉል ኣገባብ ብዘቤታዊ መልክዕ ኣብ ገዛኦም የዳልውዎም። ንኣደላልዋኡ ብዝምልከት ሓደ ብሓደ ገሊጹልና። ዝኽተሎ ኣሰራርሓ ኣብ ካልኦት ስድራ ቤታት ክትኣታቶን ክልመድን ጻዕርታት ኣብ ምግባር ይርከብ።

ኣቶ ካልድ ኣሕመድ ብድሆታቱ ኣብ ልምዓት ክገልጽ ከሎ፡ ኣብ ግዜ ክራማት ውሑጅ ተደጋጋሚ ሃሲያታት ከምዘውርደሉ የተንብህ'ሞ፡ብፍላይ ኣሕምልቲ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ከየልምዕ ኣዝዩ ከምዝተደረተ ይገልጽ። ክንዲ ዝኾነ ካብ ውሕጅን ጀቕጀቕን ሓራ ዝኾነ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ መሬት ክረክብ/ክወሃብ እንተዘኽእል ውሕስነት ዘለዎ ስራሕ ምሰራሕኩ ብምባል፡ ንዘለዎ ስክፍታ ዘቃልል ፍታሕ ክምዝጽበ የተንብሁ።

ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ካልድ ኣሕመድ፡ኩሎም ዘካይዶም ንጥፈታት ቅድም ቀዳድም 'ብፈተነታት' ኣሰንዩ እዩ ዘተግብሮም ብምኳኑ ከም ሓረስታይ ብልጫታቱ ዝያዳ ጎሊሖም ይርኣዩኻ። ኣብ ከባቢኡ ናይ ዓያይነት ጽልዋ ኣሕዲሩ ይርከብ። ካብ ዋኒን ሕርሻ ዝረኽቦ ቁጠባዊ ረብሓ ከም ዝዓግበሉ ይገልጽ። ሳላ ኣብ ጀርዲን ኣድሂቡ ዝነጠፈ፡ ኣገደስቲ ንብረትን መሳሪሕታትን ወኒኑን እንሳሳታት ኣጥርዩን ኣብ ዕዮ ሕርሻ ጽቡቕ ይግስግስ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ናብራኡ ብጽቡቕ ይመርሕ ኣሎ። ኣብ መጻኢ ልምዓት ፍረታት ናይ ምስፋሕን ምርባሕን ምስባሕን እንስሳታት ናይ ምዕባይን መደብ ኣለዎ። ብወገንና እውን ዕወት ናይ ስራሕ እዋን ንምነየሉ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## .VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Auto Electrical Supervisor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Auto Electrical Coordinator is primarily responsible for supervising the electrical work performed for maintenance and repairs of all the mining fleet equipment to ensure sustainable operations at BMSC to meet the approved business plans.

**MAIN FUNCTIONS**

- To supervise and coordinate the work of the maintenance Auto Electricians while complying with BMSC standards and "Safework" policy
- Manage and co-ordinate the planned preventative Auto Electrical maintenance for the mining fleet and ancillary machines to prevent unnecessary downtime
- Ensure that Auto Electrical work is done according to expected standards measured against industry and OEM standards
- Ensure that all work is carried out according to standard operating procedures to ensure integrity of the equipment and assets are maintained to prolong life and not reduce the life of the assets
- Ensure that all work performed on an unplanned as well as planned basis is documented according to the requirements of the planning process and CMMS system
- Ensure that daily inspections are completed to standard and documented accordingly to record any work required for backlog planning
- Ensure skill transfer to national employees through guidance and coaching by the Auto Electricians according to industry best practices
- Ensure enhancements and improvements to asset integrity and reliability practices for machine integrity to be maintained
- Ensure all corporate governance policies are adhered to for all dealings
- Ensure that all BMSC values and business ethics are maintained throughout the execution of duties

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation
- Reporting
- Developing procedures i.e. safe working procedures

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Technical engineering trade or equivalent within the Auto Electrical profession<br>○ Formal training with certificate for Mobile Air Conditioning systems will be advantageous. | ○ At least 5 years experience in a supervisory role in an operational environment<br>○ At least 5 years experience in delivery of services within developing or underdeveloped countries, challenging operational environments<br>○ Experience in maintaining large earth moving equipment as well as limited fixed plant<br>○ At least 5 years experience in two way radios and radio installation and maintenance<br>○ AC and DC electrical experience will be advantageous |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate, )<br>○ Must be able to read and understand technical diagrams<br>○ Good understanding and knowledge of Mobile AC systems and maintenance.<br>○ Competent in the use of equipment technical software (ET etc.)<br>○ Root cause analyses techniques and report writing | ○ Safety mindset<br>○ Communication (English)<br>○ Assertiveness<br>○ Interpersonal Relations<br>○ Integrity<br>○ Prioritizing skills & multi-skilling<br>○ Ability to work towards strict deadlines<br>○ High level of accuracy<br>○ Discretion<br>○ Self-motivation<br>○ Follow standard set procedures |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/ last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ፈቓርን ለዋህን ኣዴና ወ/ሮ ትዕበ ሽቃ ጉብርሂወት ዓንደ ወናኒት ባር ሓምላይ ደሴት ኣ/ኣበባ ዝነበረት ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩማን ኣብ ግዜ ቀብራ ድማ ዘቃበርኩመናን ካብ ወሸጥን ሃገርን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናኢኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዮጸና ንገልጽ።

ደቃን ኣሕዋታን ምስ ምሉኣት ቤተሰቡ

ኣነ ሐሴን ስዒድ ዐቤድ፣ ኑቲ ካብ ኣቦይ ኽፍ/ስዒድ ዐቤድ ኣብ ቤት ፍርዲ ሽሪዓ ንበጽሒተይ ዝምልከት ዝተዋህበኒ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ኣስመራ ን/ዞ/ማ/ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ/ገዛ 03/B ብመለለዪ ቁ.ገዛ ASD00033580) ፓርሰል ASP00039797) ስፍሓት 122.4ት/ሜ ከበ. ዚፕ ኮድ ዕዳጋ ሓሙስ A117 ኣድራሻ ካርታ 1A117/63A ቁምዝቦ ንብረት (ካዳስተር) 1BRASM013327 ብቁ.መ ኮ/ኣባይቲ/023/792/05 ብስመይ ከተሓሳልፍ ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቐረብ፣ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምፍጻምና ንሕብር።

ሐሴን ስዒድ ዐቤድ

# ጽሬት - ሕላገት ጃፓናውያን

ዳህላክ ነጋሲ

ኣብ እተፈላለየ ኩርናዕ ዓለም ዝነብሩ ህዝብታት፡ ብፍሉይ ዝውከሉዎም ወይ ዝልለዩሉ ሕላገታት ኣለዎም። እቲ ሕላገታት እውታዊ ጽልዋ ምስ ዝህልዎ፡ ካልኦት ከርዕምዎ ክጓየዩ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ'ዚ ምስ ዝኸውን ድማ ከም ኣብነት ኣሉታዊ ተግባር ይኸውን። ሎሚ፡ ብጽሬት ኣከባቢ ብእትኾተሎ መምርሒታት፡ ኣብ ቀዳማይት እትስራዕ ሃገር ጃፓን እያ። ኣብታ ሃገር ዜጋታታ ጥዕናኦም ንምውሓስ ተገዲዶም ዘይኮኑ፡ ብኹሉ ፍቓዶምን ልዑል ንቕሓትን እተመርሐ ብኾሚቲታት ዝተወደበ እተፈላለየ ዕማማት የካይዱ። በዚ ኸኣ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ካብ ውልቀሰብ ክሳብ ብሃገር ደረጃ ተኸቲሎሙ ዘንጸባርቕዎ ባህሊ ጽሬት ክሰርጽ ክኢሉ እዩ። ህዝቢ ጃፓን ብዘይካ'ቲ ኣብ ጽሬት ኣከባቢ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ኣእዳውን ኣፍን ብዓሉ ብምሕጻብ'ውን ይፍለጥ እዩ። እቲ ባህሊ ጽሬት ብተመሃሮን መንእሰያትን እናተማእከለ ብሰፊሑን ብቐጻሊን ይካየድ።

እዚ ምስ ንጽህና ጥቡቕ ዝምድና ዘለዎም ሕብረተሰብ፡ ካብ ቀደም ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ ዝኽተልዎ ልምድታት ኣሎ። ንኣብነት፡ ዝኾነ ሰብ ምስ ዝሓምም ብኹሉ ፍቓዱ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ብምልባስ፡ ታህዋሲያን ናብ ካልኦት ንኸይስሕፍሑ ይከላኸሉ። ብሰላ ኣየር ንምክልኻል'ውን መሸፈኒ ከም ዝወድዩ ይሕበር። ምእንቲ'ዚ፡ ህዝቢ ጃፓን ጥዕናኡን ውሕስነት ከባቢኡን ንምሕላው ዘጥረዮ ንቕሓት ዝደንቕ'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣካል ዕለታዊ መነባብሮ ናይቲ ህዝቢ ዝኾነ ንጥፈታት ጽሬት፡ ኩሉ ዜጋ ብቐረባ ንዘጥቅመሉ ቦታ ይኹን ንብረት ተገዲሱ ክጽሕፍ ይረኣ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ሃገር ዝነብሩ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት'ውን፡ ነቲ ልምዲ ክኽተልዎን ክተግብርዎን ኣይጸገሞን እዮም። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዓለም ዝዘውተሩ ኣብ ጃፓን ግን ከም ነውሪ ዝቑጸሩ ልምድታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።



ጃፓናያውያን ተመሃሮ መምሃሪ ክፍሎም፡ ኮሪደር፡ መደያይቦ፡ መሳኸቲ፡ ቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ካልእ ቦታታትን ዕለታዊ የጽርይዎ። ብዘይካ ተመሃሮ መባእታ ደረጃ ካልኦት ተመሃሮ ዝጥቀምሉ ዓይኒ-ምድሪ ከይተረፈ ብብተራ የጽርዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ እዋን ምሳሕ መግቢ ብተራ ዘቐርብሉን ድሕሪ ምምጋብ ዘጽርዩን ጉጅለታት፡ ብኣጋኡ መደቦም ስለ ዝፈልጡ ብትግሃት ይዓዩ። ካልእ፡ ተመሃሮ ኑቲ ካብ ቤቶም ወድዮሞ ዝመጽኡ ሳእኒ፡ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ለቢሶሞ ኣይመሃሩን እዮም። ንጽህናኡ ዝተሓለወ ቅያር ሳእኒ ግድን ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ስለ ዘቐምጡ፡ ንዕኡ ወድዮም ይመሃሩ። እዚ ዕለታዊ ተግባር ንጋሻ እንተ ዘይኮይኑ፡ ኑዮም ተመሃሮ ንብርን ኣካል ዕለታዊ ንጥፈቶምን እዩ። እቲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝካየድ ንጥፈታት ጽሬት፡ እንተላይ ብሓገዝ መምህራን ዝተሰነየ እዩ። በዚ ኸኣ፡ መምህራን መምርሒ ይህቡን ሓብሮም ምስ ተመሃሮ ንጽህና ከባቢኦም ይሕልዉን። እቲ ንጥፈት ግደንት ወይ ሓላፍነት ስለ ዘለካ ጥራይ ዝስላሰል ዘይኮኑ፡ ኣገልግሎት ይህቦ ዝለሎ ትካል ኣኽብሮትካ እትገልጸሉ መንገዲ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ተመሃሮ ካብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ ናብ ካልእ ቦታታት ምስ ዝገዓዙ ወይ ዝኸዱ፡ ኑቲ ዝተገልገልሉ ቦታ ከየጽረዩዎ ኣይምለሱን እዮም። ስለዚ፡ ካብ እዋን ቁልዕነት ዝጀምር ልምዲ ጽሬት ከም ባህሊ ዓኺኹ፡ ኑቲ እትሰርሓሉ ትካል ይኹን መንበሪ ሰፈሩ፡ ንጽህንኡ ብምሕላው ኣኽብሮትካን ተገዳስነትካን ብግብሪ እትገልጸሉ ንጥፈት እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ተመሃሮ ን12 ዓመታት ማለት ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ፡ መዓልታዊ ኣብ ንጥፈታት ጽሬት ዝሳተፉ፡ እቲ ዕማም ኣካል ዕለታዊ ውጥን ኣብያተ-ትምህርቲ ስለ ዝኾነ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሰድራ-ቤታት ንደቆም ኣብ ዕዮ ምንጻህ ንኽሳተፉ እናመሃሩ የዕብዩዎም። በዚ ምኽንያት፡ ቆልዑ ኻና ከይዓኸኹ በዚ ባህሊ ተኸስኪሶም ስለ ዝዓብዩ፡ ብዝዕባ ካብ መረበትካ ጀሚሩ ክሳብ ብሃገር ደረጃ ዘቐጽል ንጥፈታት ጽሬት ንቕሓቶም እናዓመቐ ይመጽእ። ጃፓናውያን ካብ ህጻንነቶም ምስኦም ዝዓኸኸ ባህሊ ጽሬት፡ ንሓዋሩ ኣብ ውሽጦም ከም ዝሰረጸ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ኣመስኪሮም እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ሃንበይቱ ዓመታት ማለት ኣብ 2014ን 2018 ኣብ ብራዚልን ሩስያን ዝተኣንገደ ዋንጫ ኩዕሶ ዓለም፡ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ጃፓን ድሕሪ ግጥም ኣብ'ቲ ጸወታ ዝተኻየደሉ ስታድዮም ንዝተደርበየ ጉሓፍ ብምጽራይ ኣቓልቦ ማሕበራሰብ ዓለም ስሒቦም እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኑቲ ዝተገልገልሉ ክፍሊ መቐየሪ ልብሲ ኣጽሪዮም ከም ዝተሰናበቱ ይፍለጥ። እዚ ከኣ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ተሳቲፎም ጸብቖ ውሽጢ ሃገሮም፡ ንዓለም ዘንጸባረቑሉ ኣጋጣሚታት እዩ። ካልእ፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝእንገዱ ዓበይቲ ፌስቲቫላት'ውን፡ ተመልከትቲ ንዝተጠቐምሉ ኣቕሓ ክሳብ መጉሓፊ ገንኢ ዝርከበሉ ቦታ ከም ዘብጽሕዎ ይግበር።

ኣብ ከተማታት ሃገረ ጃፓን ብዘይካ'ቲ ኀሊሑ ዝረአ ብልዑል ሱ-ምግባር ዝተሰነየ ባህሊ ጽሬት፡ ብዙሕ ረብሓ ዘይረኣየሉን ጸጥታ ዝሰፈኖን እዩ። ብፍላይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝህብ ቦታታት ከም መዕርፎ ነፈርቲ፡ መደበራት ባቡርን ኣውቶብሳትን ብዙሕ ዘናውጽ ድምጺ ኣይሰማዕን እዩ። ጃፓናውያን ዋላ'ውን ኣብ ካፈታትን ኣብያተ-መግዘብን፡ ድምጾም ኣብሪኾም ከዕልሉ ኣይሰምዑን እዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ጃፓን ብናይ ዕድመ ሰብጸጋ ትልለ እያ። ንኣብነት፡ ሓደ ዘመን ዘቑጽሩ ዕድመ ዝደፍኡ ብርኽት ዝበሉ ሽማግለታት፡ ኣብ'ቲ ሃገር ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ይርከቡ። እቶም ናይ ዕድመ ሰብጸጋ ህርኩታትን ንገዛእ-ርእሶም ብዓቢኡ ዝኣልዩን እዮም። በዚ ከኣ እቶም ዘሸምግሉ ብኣግኡብ ምስ ጥዕናኦም ዝሃዘን ዘሰማምዕን መግቢ ብቐጻሊ የዘውትሩ። ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ማዕረ ካልኦት ሃለኽቲ ሃገራት፡ ንጽህና ኣከባቢ ንምሕላው ዘገልግሉ ፍርያት ብልዑል ቁጽሪ ኣብ መዓላ ይውዕሉ። ኣብ ኣብያተ-መሸጣ ድማ ብዓይነቶምን ትሕዝቶኦምን ዝፈላለዩ ፍርያት ተደርዲሮም ይረኣዩ። ካልእ፡ ንዳግመ-ምምስራሕ ዘገልግል ኣቕሓ ኣብ ሓደ ቦታ ተቐሚጡ ይርከብ። በዚ ምኽንያት፡ እቶም ኣቑሑት ከም ኣድላይነቶም ብኣግኡብ ተፈላልዮም ይቕመጡ።



እቲ ብሃገር ደረጃ ዝስላሰል ንጥፈታት ጽሬት ኣከባቢ፡ መስሕብ በጻሕቲ ኩይኑ ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዕ ዓለም ብቑሊሉ ዚይርከብ፡ ጽሬቱ ዝሓለወ ኣከባቢ ንምዕዛብን ምስትምቓርን ናብቲ ቦታ ዝውሕዙ በጻሕቲ ብዙሓት እዮም። እቲ ብመንገዲ በጻሕቲ ዝኸፈሉ ኣታዊታት፡ ኣብ ምድንፋዕ ቁጠባዊ እቶት ዝህልዎ ተራ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። እዛ ሰናይ ኣብነት ናይ ንጹህ ኣከባቢ ኩይና እንትቕጽል ዘላ ሃገር፡ ብደረቕን ፈሳስን ጉሓፍ ንዝተበከላ ሃገራት ኣርኣያ እትኸውን እያ። ህዝቢ ጃፓን ዝተኸተሎ ሜላን ኣግኡብን ከም መወከሲ ምጥቃም የድሊ። እምበኣርከ'ስ፡ ንጽህና ኣከባቢ ምሕላውን ብሱ-ምግባር ዝተኸሰኩሰ ዜጋ ምህናጽን ቀሊል ዝመስል ከቢድ ዕማም'ዩ።

# ኣመጻጽኣ ባህሊ ጽሬት ጃፓናውያን

ባህሊ ጽሬት ጃፓናውያን፡ ካብ ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ ዝተነደቐ እዩ። እቲ ልምዲ ብመልክዕ ባህሊ ንኸስፋሕፍሕ፡ እተፈላለየ እምነታት ዝለዓለ ጽልዋ ኣሕዲሩሉ። ንኣብነት፡ ኣብ'ቲ ሃገር ብሺንቶ ሽሪን ዝፍለጥ ብዙሕ ዓመታት ዘቑጸረ እምነት፡ ዝኾነ ሰብ ቅድሚ ንጸሎት ምድላዉ ኣእዳዉ ብዓቢኡ ንኸሓጽብ ዝምህር'ዩ። ብተወሳኺ፡ ጽሬትካ ብምሕላው ናብ ፍጹም ንጽህና ከም ዘብጽሕ ይግለጽ። ከምኡ'ውን፡ ኣብ መበል ዓሰርተ ክልተን ዓሰርተ ሰለስተን ክፍለዘመን ካብ ቻይና ዝተኣታተወ እምነት ቡድሂዝም፡ ንጽህናን መግቢን ከም ኣካል መንፈሳዊ በዓል ወይ ልምዲ ብምባል የስተምህር። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣካላውን መንፈሳውን ንጽህና፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ዝለዓለ ተራ ከም ዘለዎም ይሕበር። ብተወሳኺ፡ ስሉማዊ ኣእምሮ ንምውናን ጽሬት ኣገዳሲ ምዃኑ ብሰፊሑ ይፍለጥ።

እዚ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ጃፓን ንጽህና ምስ እምነት ዝተቖረነ ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽ ዝሓቘፈ እዩ። ብሓፈሻ፡ ዘይንጹህ ወይ ዘይተዓረረየ ቤት ንኣእምሮ ዝረብሽን ሰላም ዝኸልእን እዩ ተባሂሉ ይእመን። ብዘይካ'ዚ፡ ጽሩይ ሰቡት ንኣእምሮ ብእወታዊ መንገዲ ስለ ዝጸሉ፡ ጥዕናኡ ዝሓለወ ህይወት ንኽትመርሕ ንጽህና ማእከል ሰላምን ርግኣትን ምዃኑ ይሕበር። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሎሚ ብደረጃ ባህሊ ማዕበሉ ዘሎ ንጥፈታት ጽሬት፡ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ንኽሰርጽ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ተሳቢዑ ሕማማት ዝለዓለ ጽልዋ ሰዲዶም ደርኪቦ። ስለዚ፡ ኣብ በበይኑ እዋናት ዝተኸስቱ ዘሰንበዱ ለበዳታትን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ከምኡ ድማ ዝተመረዘ መግቢን ካልእን ዘይሃስስ በሰላ ብምግዳፎም እቲ ህዝቢ ጽሬት ሰብኡን ኣከባቢኡን ምሕላው ከም ኣካል ዕለታዊ ንጥፈታት ከስፋሕፍሖ ዝለዓለ ተራ ተጻዊቶም እዮም። ጽሒፋት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ጉደናታት ሃገረ ጃፓን ብዝዕዘይምዕዘይ ዝተደርበየ ጉሓፍ ዝተጎብእ'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ዝነበረሉ ቦታታት፡ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን መጎዓዝያን ጽሬቶም ዘይተሓለወ ነይሮም። ድሒሩ ቁጠባ ናይታ ሃገር ክመሓየሽ ምስ ጀመረ፡ መነባብሮ ህዝቢ ማዕረ-ማዕረኡ ምዕባለታት ብምርኣዩ ህዝቢ ብሓድሽ መንፈስ ኣብ ኣከባብያዊ ጽሬት ከተኩር ከም ዝተበገሰ ይፍለጥ። እቲ ከስፋሕፍሕ ዝጀመረ ንጥፈታት፡ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ኣገዳስነቱ እናዓዘዘ ብምምጽኡ ብዘያዳ ተደፊኡሉ ዘተባዕበ ወጽኢት




ድማ ተረኺቡዎ።

ጭርሖ ናይቲ ህዝቢ ንጹር'ዩ፡ ንእተፈላለየ መዓላ እተጠቐምካሉ ቦታ ይኹን ኣቕሓ፡ ንኸተጽርዮ ግዴታን ሓላፍነትን ዘለኩም እዩ። በዚ ኣምር እዚ ዕለታዊ ንጥፈታቱ ዘሰላስል ሕብረተሰብ፡ ኣገዳስነት ጽሬት ብዓቢኡ ስለ ዝርዳእ፡ ነቲ ልምዲ ከም ኣካል ባህሉ ክሰርጾ ኣይጸገሞን። ከምኡ'ውን፡ እወታዊ ምላሹ ኣብ ባይታ ዘንጸባርቕ ስለ ዝኾነ፡ ንምድንፋዑ ከም ዘይሕለሉ ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ፡ ንጹህ ኣከባቢ ይትረፍ ከይተሓለለ ንዘሰርሓሉ፡ ብዓቢኡ ዝዕዙዝ ጥራይ እኳ ማራኺን እፎይታን ዝፈጥር ስለ ዝኾነ። ኣብዚ እዋን ኣብ ጃፓን ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ቦታታት፡ መደበር ባቡርን መዕረፊ ኣጋይሽን ብዘውንንዎ ጽሬት ተመሳኺሩሎም እዩ። ከም ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት ዓለምና፡ ኣብ ጉደናታት ዝደርበ ጉሓፍ የለን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት እውን እንተኾነ ብዙሕ መኣከቢ ጉሓፍ ኣቕሓ ኣይርከብን እዩ። እቲ ምንታይ፡ ዝኾነ ሰብ ተጠቒሙ ክጉሕፎ ንዘይለዎ ነገር ይኹን መትሓዚ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ጉደናታት ዝተሃለወ ገንኢታት ዝጉሕፍ ንቤቱ ስለ ዝወስዶ። መብዛሕትኡ ህዝቢ ዓለም መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድይ ዝጀመረ፡ ተላባዒ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ድሕሪ ምኽሰቱ እዩ። ብመንጽሩ፡ ጃፓናውያን ካብ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዞም ማስክ ወድዮም ክንቀሳቐሱ፡ ኣብ ማስኩት ተለቢዥን ተዓዚብናዮም ኢና። ክንዲ ዝኾነ እዚ ዘስተንትን ባህሊ ጃፓናውያን፡ ኣብ ሕብረተሰብና ንኽተኣታቶን ንኸስፋሕፍሕን ብትግሃት ክንሰርሕ ግዴታ ኣለና።



